# ንምውህሃድ ስደተኛታት ዝምልከት ሓድሽ ሕጊ፡ “ምትብባዕን ምብዳህን”

እቲ ሕጊ ካብ1 ታሕሳስ 2016 ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ውዒሉ ኣሎ። ከተስተውዕልለምዝግባኣከምኣገደስቲ ለውጢታት ድማ ሓቒፉ ኣሎ። መሰላትን ሓለፋታትን፡ **ዘተባብዕ ኸምመፀቀኒታት/ማዓዝኒታት፡ ከምኡ'ድማከተሚልእምምዘለከምጠለባት ዝሓዘ እዩ።**

**ትምህርቲ ብዝበለጸ ከተባባዕ እዩ፡**

- ትምህርቲ ንኽትመሃሩ ክትጸበዩዎ ዘለከምግዜ ክሓጽረልከምክቀላጠፈልከምእዩ፡
- ብድሕሪ'ዚ ኣብእዋን ስልጠና/ትምህርቲ ዝዋሃብኸምሓባ ዛት ክህሉ እዩ፡
- ናብስራሕንኽትኣትዉክትዳለዉዘኽእልኸምመፅቀኒታት/ማዓዝኒታት ኣለው፡
- ናይ ምውህሃድ/ምውፃእ መቐርሕከምንምስላጥ 100,000 ናይ ሽቕለት ዕድላት ክፍጠሩ እዮም።
- ክኣልናከምትነ ብሩ ዘለኹም ግበእከምካብ ምፍጻምዘይበኸርከም ስደተኛታት ከምምኗንከምመጠነ፡ እንተደኣ ስልጠና ወሲደከምመዓነ ትከምቅበል ይኸውን፡-
  - ክሳብ ሞያዊ ትምህርትኸምትወድኡ ጸንሓትከምከጽወር ይካኣል እዩ/ጽንጽያ ዓይንኸምዘንፍረልከምኣይክህሉን እዩ። ስለዚ፡ ንኸይትስጎጉ/ንኸይትጥረዙ ክትፈርሁየ ብልከም።
  - ድሕሪ ምዝዛምስልጠና፡ ምስ ሞያኸምዝሰማማዕ ዓይነት ስራሕንኽተናደዩ ተባሂሉ ገደብ ግዜ ናይ'ቲ ተጻዋርነት ካብቲ ነቲ ስልጠና ዝወዳእከምሉ ግዜ ጀሚሩ ንተወሳኺ ሽዱሽተ ወርሒክናዋሕእዩ።
  - ነቲ ስልጠና ብዓወት ኣብእትዛዝምሉ ግዜ፡ በቲ ሞያ ንኽትሰርሑዘኽእል ናይ ክልተ ዓመት መንበሪ ፍቓድ ክወሃበከም ይኽእል እዩ። ካብዙን ዝኸሳ ጸገምዘይብለን/ውሑሳት ሃገራት ዝመጹእከምስደተኛታት ግን ብመጽርቲ ዝኣተኸምሉን ዕቕባ ዝሓተትከምሉን ግዜ ተሪእዩ ቀይዲታት ክግበረልከምእዩ። ኣብ ዝኸሳ ይኸዉ ጉዳይ፡ ነቲ ብበዓል መዚ ምዝገባ ወጺኢተኛታት ዝወሃበከምሜዳ ክትረብሕሉ/ክትጥቀምሉ ይግባኣከም። በዚ ከኣ ከለምሕቶታት ኣብ ዝቕጽል ግዜ ክበርሁ ይኽእሉ።
- ኣብ ዝቕጽል ሰለስተ ዓመታት፡ ብቑለሉ ናብ ዕዳጋ ሽቕለት ናይ ምእታው/ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድል ክህልወከም እዩ፣ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ'ዚ፡ ጀርመናዊያን'ውን ነዚ ስራሕ'ዚ ዝደልዩዎ ምኻኖምን ዘይምኻኖምን ንምርግጋጽ መርመራ ኣይካየደለምን እዩ (ብዙተረፈ ግን ንሱ/ንሳ ቀዳምነ ታት ክህልዎ/ዋ ይኽእል እዩ)።

**በቲ ካልእ መዳይ ድማ፡ ኣብቲ ናይ ምውህሃድ መደባት ክትተሓጋገዙ ሓለፍነ ት ኣለከም።**

**ዝወሃበከምክፍሊት ኣብ መጺኢ ክንኪ ተኽእሎ ኣለዎ፡**

- እንተደኣ ብቑዕ ኮርሳት ተዋሂቡ፡ ኣብ ወሽጢ ሓደ ዓመት ኣብኡ ክትሳተፉ ኣለከም
- ነቲ ኮርስ ምስ ወዳእከሞ(600 ሰዓታት ናይ ቋንቋ ትምህርቲ፡ 100 ሰዓታት ድማ ምስቲ ኮርስ መላለዪ/ኣሬንተሽን)፡ ምስክር ወረቐት/ሰርቲፊኬት ክትወስዱ ኢኹም። እዚ ግን ኣብቲ ስልጠና ብስሩዕ እንተደኣ ተሳቲፍከምጥራይ እዩ ዝወሃበከም(ብኩራትከምምኽንያት ከምዝለዎ ዘረጋግጽ ጽሑፍ እንተኣምጺእከምቅበል ይኸውን)። ብዘይ ምኽንያት እንተደኣ ኣብኩርከምግን ምስክር ወረቐት ኣይክትወሃቡን ኢኹም።

**ምስ ሕብረተ-ሰብ ንምውህሃድኩም ኣብ ዝቐረበልኩም. . . ክትተሓበበሩ ሓለፍነት ኣለኩም**

- ንጠለባት ቤት-ጽሕፈት ሓብሬታ ዕዮ ክትስዕቡዎምእንተደኣ ዘይክኣልኩም- ኣብ ምድባ ስራሕ እዞም ጠለባት እዚኣቶም ኣገደስቲ እዮም፦
  - ንኣብነት፡ ደረጃ ናይ ቋንቋ ክእለትኩም እንተውሒደ ቢ1/B1 ምኻኑ ከተርእዩ ዝቐርበልኩም ጠለብ፡ ወይ ደማ
  - ንዝስርዐልኩም ቆጸራታት ብቐጻሊ ከተኽብሩዎም

ነዞም ቅድመኩነት እዚኣቶም ከተማልኡዎም እንተዘይክኢልኩም፡ እቲ ትረኽብዎ ረብሓ ክንኪእዩ፦ **ወሓድ ገንዘብ ክትክፈሉ ኢኹም።**

- ወላ ናይ ቋንቋ ጀርመን ቅሩብ ምእኪት ይሃልኹም፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ፈተና ምስ ገበርኩም ኣብቲ ምስ ሕብረተ-ሰብ ንምውህሃድ ክሕግዘኩም ተባሂሉ ዝወሃብ ስልጠና ታት ቢኤኤምኤፍ(BAMF) ክትሳተፉ ኣለኩም
- ኣብቲ ናብ ኖርዝ ሪነ -ዌስትፈሊያ (North Rhine-Westphalia) ዝተመደብኩምሉ ምምሕዳር ከተማንሰለስተ ዓመት ክትጸንሑ ኣለኩም። ኣብ ካልእ ቦታ ስራሕ ክትረኽቡ እንተኽኢልኩም ግን እዚ ኣይምልከተኩምን እዩ፣ እምበኣር ነዞም ዝስዕቡ ኩነታት ከተማልእዎም ኣለኩም፦
  - ኣብ ሰሙን ብውሕዱ 15 ሰዓታት ኣብኡ ክትሰርሑ ኣለኩም
  - ኣብ ወርሒ ብውሕዱ 712 ዩሮ መሃያ ክትክፈሉ ይግባኣኩም
  - **ፈለማ**(!) ግን ካብቲ ቦታ ናይ ምንቅስቓስ ፍቓድ ንምርካብ ናብ ቤት-ጽሕፈት ኢሚግረሽን ሕቶ ከተቕርቡ ኣለኩም።
- እንተደኣ ስልጠና ወይ ትምህርቲ ኣብ ርሑቕ ቦታ ክትቅጽሉ ኮይንኩም፡ ካብ መንበሪኹም ንኽትወጹ ቤት-ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት ብሕቶኹም መሰረት ከፍቅደልኩም ይኽእል።
- በቲ ሓድሽ ሕጊ መሰረት ዕቝባ ናይ ምሕታት መሰል እንተደኣ ኣለኩም ኮይኑ፡ ድሕሪ **ሓሙሽተ ዓመት** (ኣብ ክንዲ ድሕሪ ሰለስተ ዓመት) ኣብ ጀርመን ብዘይ ናይ ግዜ ገደብ ንኽትነብሩ መሰል ክወሃበኩም እዩ፦
  - እዚ ናይ ምንባር መሰል'ዚ ክወሃበኩም ዝኽእል ግን፡ ብቑዕ ናይ ቋንቋ ክእለት (ናይ ኤ2/A2 ደረጃ ቋንቋ ከምዝተፈተንኩምዘርኢ ሚኒጋገጺ እንተ ኣቕሪብኩም) ከምኡ ድማ
  - ብውሕዱ 50% ወጻኢታት ናይ መነባብሮኹም በዓልኩም ከምእትሽፍንዎምእንተ ኣረጋጊጽኩም ጥራይ እዩ።
- እንተደኣ ኣብ ፈተና ቋንቋ ናይ ደረጃ ሲ1/C1 ሓሊፍኩምን ልዕሊ 50% ወጻኢታት መነባብሮ ናይ ስድራቤትኩም በዓልኩም ክትሽፍኑዎ በቒዕኩምን፡ ድሕሪ **ሰለስተ ዓመት** ቀዋሚ ናይ መንበሪ ፍቓድ ክትረኽቡ ኢኹም።

**እዞም ዝስዕቡ ኣድለይቲ ኩነታት ብዝያዳ ነዚ ብሩህ ይገብሩዎ፦**

- ኣብ ዕዳጋ ሽቕለት ናይ ምውፋእ መሰርሕ ከምኡ ድማ
- ትምህርቲ ቋንቋ ጀርመን ምምሃር

ኣብ ጀርመን ብቐዋሚ ንምንባር ናይ ግድን ክማልኡ ዘለዎም ጠለባት እዮም።

---

ነቲ ትሕዝቶ ሓለፍነት ዝወሰደሉ፦ ፒተር ስታዲ(Peter Stadie)፡ ሆልገር ፍሪንግስ(Holger Frings)፡ ኣወሃሃዲ ስደተኛታትን ዕቑባን፡ ባድ ሙንስትረይፈል(Bad Münstereifel)። እዚ ወረቐት'ዚ ኣድላይነት ዘለዎም ኣሕጽሮተ-ቓላት ኣጠቓሊሉ ኣሎ፡ ነዚ ዝምልከት ዝኾነ ናይ ወሳነት ሕቶ ክንቅበል ከምዘይንኽእል ደማኩትርደኣልና ተስፋ ንገብር። ንግልጋሎት ዝምልከት ኣጠቓላሊ ሓብሬታ ምስ ዘድልየኩም፡ ካብ ዲኣር.ኬይ(DRK)ን ካሪታስ(Caritas)ን፡ ካብ ቤት-ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት፡ ካብ ነቑጣ ምውህሃድ(Integration Point)፡ ካብ ማሕበራዊ ቤት-ጽሕፈት፡ ከምኡ ድማ ካብቶም ኣብ ምምሕዳር ከተማኹም ዝርከቡ ሓገዝቲ ስደተኛታት ዝወሃብ ሓገዝ ኣለኩም። ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓብሬታውን ተመልከቱ፦
https://www.bundesregierung.de/Content/DE/Artikel/2016/05/2016-05-25-integrationsgesetz-beschlossen.html,
http://www.asylhelfer-puchheim.de/images/hintergrundpapier-zum-integrationsgesetz.pdf

Gefördert durch: 12/2016

Ministerium für Arbeit,
Integration und Soziales
des Landes Nordrhein-Westfalen